# ምድስካል ብዓዲ ምድስካል ብባሕሪ።



**ብኢሳያስ ኣስፍሃ**

18-08 2010

መንቀሊ ናይዚ ጽሑፍ`ዚ ነቲ ኣብዚ ዝሓለፈ ቅንያት "ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ንሓደ ኣባል ፈጻሚ ኣካል ኣደስኪሉ።" ዝብል እዩ። ምድስካል ዝብል ቃል ግደፍ ዶ ፖለቲካዊ ትርጉም ተዋሂብዎስ፡ ብተራ ዘረባ'ውን ንእዝንኻ ዝሕርኩኽ ሕማቕ ቃል ምዃኑ ብዙሕ ሰብ ዝሰማማዓሉ ኢዩ። ብሰንኪ ዘይሓላፍነታዊ ስርዓት ህግደፍ ግን እዚ ቃል እዚ ከም ልሙድ ተቐጺሩ ዳርጋ ብብዙሕ ሰብ፡ ብዘይካ እቲ ብቕጥታ ብሓለንጊ ስርዓት-ምድስካል ዝተገርፈ፡ ግምት ተዋሂብዎ ኣይፈልጥን። ብዘይ ኣፍልጦ ህዝብን ግሉጽ ኣሰራርሓን፡ ሰብ፡ እሞ ከኣ በዓል መዚ፡ ካብ ስራሕ ምድስካል ወይ ከኣ ምውጋድ ዲክታተርያዊ እዩ። ምኽንያቱ ምድስካል ቀንዲ መሳርሒ ናይቶም ንብዙሕነት ሪኢቶ ክጻወሩ ዘይክእሉ ውልቀ-መላኽቲ ስለዝኾነ።

ስለምንታይ ውልቀ-መላኽቲ ንምድስካል ከምቀንዲ መሳርሒ ይጥቀሙላ?

1. ዝደስከለ ሰብ ኣብ ስራሕ ሰለዘየሎ ካብ ገጽ ህዝቢ ይኽወል። ምኽንያቱ ምስ ህዝቢ ዘራኽቦ ስራሕ የብሉን። ካብ ገጽ ህዝቢ ዝተኸወለ ከኣ ካብ ልቢ ህዝቢ ብቐሊሉ ይወጽእ እሞ ሰዓቢ ህዝቢ (ፖወርበይዝ) የጥፍእ።

2. ምድስካል ነቲ ብስራሕ ዝተጠርየ ዝና ናብ ዝተሓተ ደረጃ የውርዶ። ብኡ መጠን ከኣ ኣብቲ ዝደስከለ ሰብ ስነ- ኣእምሮኣዊ ምምዝባል ፈጢሩ ናይ ምስራሕ ዓቕሙ የጉድል።

3. ልዕሊ ኹሉ ድማ ጽልውኡ ኣብ ኩሉ ኣካላት መንግስቲ ልሒኹ ኩሉ ሰብ ካብ ሳዕቤናት ምድስካል ንምህዳም ተገዛኢ ናይቲ

ኣደስካሊ ኣካል ከምዝኾውን ይገብር።

4. ኣብ መወዳእታ ኣብ ክንዲ መመንጨዊ ሓሳባት ሰዓቢ ሓሳባት ጥራሕ ኮይኑ ነብሱን ህዝቡን ይልክም::

እምበኣር እቲ ጠንቂ ኣብ ቁጽሪ 4 እዩ ዘሎ። ሰብ ካብ ካልኦት እንስሳታት ፍሉይ ዝገብሮ ናይ ገዛእ ርእሱ ሓሳባትን ሪኢቶን ብምህላዉ ኢዩ። ምስ ካልእ ሰብ ክሰማማዕ ከኣ ናይ ግድን ኣይኮነን። ስለ ዘይተሰማመዐ ክድስክል ወይ ከኣ ካብ ስራሕ ክእለ እንተደኣ ኮይኑ ስጉሚ'ውን ትኹን ክኸየድ ዝከኣል ኣይኮነን። ሓሳባትካ ከም ካብ ማና ዝወረዱ ገይርካ ኣብ ልቢ ሰባት ብሓይሊ ክትሰኩዕ ምፍታን ካብ ንኣድጊ ብዱላ ምዱግዳግ ብምንታይ ይፍለ።

ብዓለም ደረጃ ብዙሕ ኣብነታት እኳ ክጥቀስ እንተተኻእለ፡ ኣብ ውሽጢ እዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ጥራሕ ብሰንኪ ጃንዳ ህግደፍ ዝተኸተሎ ሓሳድ ሜላ ኣብ ኤርትራ ዝተጠርየ ናይ ስርዓተ-ምድስካል ተሞክሮ ቀሊል ኣይኮነን። ከምቲ ጋዜጠኛ ኣማኑኤል እያሱ ዝበሎ፡ ኣብ ኤርትራ ሎሚ ዘይደስከለ ክፍሊ ናይቲ ሕብረተሰብ የለን። ሎሚ ኣብ ኤርትራ እቲ ናይ ብሓቂ ብዛዕባ ሃገሩን ህዝቡን ዝቐንዞ ለባም ኣብ ስልጣንን ስራሕን የለን። “ጎብየ ኣርኪቡሉ ” እንዳተባህለ ኣብ ፈቐዶ ጎደናታት ኣስመራ ዘወን ክብል ዝውዕል ሚኒስተር ነበር፡ ጀነራል፡ ኣካየዲ ስራሕ፡ ብደረጃ ዓለም ዝፍለጥ ደራሲን፡ ካልእን መወዳእታ የብሉን። ስለዚ ኤርትራ ብዉሑዳት ሓሳብ ከመንጭውዉ ዘይክእሉ ጉጅለ ትሕመስ ኣላ። እስኪ ንድሕሪት ግልጽ ኢልና ናብ መጀመርታ ተስዓታት ንመለስ፡ እቶም ኣብቲ እዋን ንርእዮም ዝነበርና ልሙዳት ገጻት ኣበይ ኣለዉ? ብጆካ እቶም ብዕሊ ንፈልጦም ጂ15 (ንሳቶምውን ተኣሲሮም/መይቶም) ብኣሻሓት ዝቑጸሩ ካልኦት ኣብ ገጽ ህዝቢ የለዉን። እቲ እንኮ “ኣልፋን ኦሜጋን” ዝኾነ ስርዓት ኣልቦ ኢሳያስን ንበረልና ዝብሉ ሳዕሳዕትን ደረፍትን ኣብ ገጽ ህዝቢ ከሽኮንድሩ ይሓድሩን ይውዕሉን ኣለዉ።

ኣቱም ሰባት! “ኣይፋልክን ግርህነተይ ይብል ደራፋይ” እቲ “ናይ ዓዲ'ስ ደሓን ፈሊጥናዮ” ኣለና፡ “ብሓባር ተቓሊስና ከኣ ከነርክበሉ ኢና” እንዳበልና ከለና፡ በዚ መጺኡ ዘይበሃል ሕዱር ሕማም ብባሕሪ ክመጸና ግን ተጸቢና ኣይንፈልጥን። ምኽንያቱ ንህዝቢ ኤርትራ ዳግም ካብዚ ኣኺሉ ዝፈስስ ተመክሮ ንላዕሊ ኣየድልዮን ኢዩ። ሎሚ ዝተፈላለየ ሪኢቶ ከዳምጻ ዝኽእላ ኣእዛን እምበር ዝበልኩኻ ጥራይ ግበር ዝብላ መልሓሳት ንህዝቢ ኣየድልየኦን እየን። ገና “ንህዝቢ እንታይ ጽቡቕ ነገር ከምጽኣሉ እየን” ኢልና ሃንቀው

ኢ.ልና እንጽበየን ዘለና ዉድባትን ማሕበራትን ስርሐን ብምድስካል ክጅምርኦ ከኣ ኣይግድን። “ውሽጣዊ ኣሰራርና'ዩ።” እናተባህለ ዝም`ኽነዮ`ውን ኣይኮነን። እቲ ብሓደ ሰብ ምድስካል ዝጀመረ ኣብ ዓዲ ዝመርሕ ዘሎ ህግደፍ ሎሚ ሃገር ሙሉእ ኣደስኪሉ ኣሎ። “ፓትሪያረክ ኣንጦንዮስ ከይተረፉ።” ንሱ ከይኣኽለና ክኣ እንሆ ሕጂ በዞም “ንኹሉ ስብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላትካ ንቃለስ ኣለና ” ዝብሉ ሰብ ባሕሪ ብ“ውሽጣዊ ኣሰራርሓና ኢ.ዩ” ተባሂሉ ዝም`ኽነ ዘሎ ምድስካል ዶ ምውንዛፍ ጽባሕ ንግሆ ሳዕሪሩ ናብ ደገ ወጺኡ እንተለከመና ዝግበሮ የለን። ስለዚ ገና ዕላል ካህንን ናዝን ከይኮነ ከሎ ብኣግኡ ክንምሕዎ ከኣ ናይ ኩልና ሓላፍነትን ስራሕን እዩ።

ከምቲ ልዕል ኢ.ሉ ተጠቒሱ ዘሎ ብሓፈሻ ውልቀ-መለ`ኽቲ ንብዙሕነት ሪኢ.ቶ ክጻወሩ ከምዘይክእሉን ካብ ናቶም ዝተፈለየ ሓሳብ ከተኣናግዱ`ውን ባህሪኦም ከም ዘይፈ`ቅዱን ታሪኽ`ውን ኢ.ዩ ዝነግረና። ስለዝ`ኾነ እምባኣር`ዩ እዚ ኣብ ዓድና ዘሎ ውልቀ መላ`ኺ ስርዓት`ውን ከም ኩሎም ናይ ዓለምና መለ`ኽቲ እቲ ካልእ ኩሉ ውልቀ መላ`ኺ ተግባራቱ ገዲፍና እዚ ናይ ቀረባ ተዘክሮ ንምጥቃስ ነቶም ናይ መዋእል ብጾቱን መቓልስቱን ሃለዋትና ንገምግም፣ ነብስና ንፈትሽ ስለዝበሉ ጥራይ ኣብ ደልሃመት መና`ቕዕ ዒራዔሮ ብምድጓን ንገለ ብሞት ንገለ ብዑረትን መልመስትን ስንክልና ዳሪግዎም ዘሎ።

ሕጂ `ኸኣ“ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባራት ንጽየፎ ኢ.ና፤፣” ሃየ! “ንሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ኢ.ና ቆይምና።”.....ወዘተ ዝብሉን ብዘቑጸልጽሉ ቃላት ልቢ ሰብ ዝሰልቡ ሓደስቲ ናይ ባሕሪ ኣደስከልቲ መጺኦሙና እነህለዉ። ስለዚ እዞም ናይ ባሕሪ ኣደስከልቲ`ውን ከምቶም ናይ ዓዲ ከም ካብ ሓደ ሩባ ዝተቐድሑ ሓይልን ዓ`ቕምን ድኣ ሲኢ.ኖም`ምበር በትርን ስልጣንን እንተዝህልዎምስ ካብ ኣባጎብየ ብምንም ዘፍልዮም ኣይምሃለወን። እንቋዕ! ክኣ ኣይሃለዎም።

ካብዚ ቀጺለ “ተዛሪብካ እንታይ ኣምጻእካ” እንድዩ ብመሰረት እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣርእስቲ ኣብዚ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ልዕለይ ብዝተወስደ ናይ ምድስካል ም`ኽንያት ዝወጸ ዜናን ምስኡ ተኣሳሲሩ ካልእ ዓገብ ንምድስካል ዝብሉ ጽሑፋትን ምስ ተዘርግሑ ብዙሓት ደለይቲ ፍትሕን ርትዕን እንታይ ተረኺበ ክብሉ ከለው ገለ ደገፍቲ ውልቀ-መኻኺ ወልደኢ.የሱስ ዓማርን ጭፍሩን ዝኾኑ ውልቀ-ሰባት ግን ብፍላይ እኳ ኣብ ፓልቶክ ብምስምስ “ውሽጣዊ ኣስራርሓ ሰልፊ'ዩ” እናበሉ ከደናግሩ ስለዝጸንሑ እቲ ሓቂ መታን ኩሉ ክፈልጦ ጠንቂ ም`ኽንያት መደስከሊ ኮይኑ ዘሎ ቀጺሉ ክቐርበልኩም ኢ.ዩ'ሞ ባዕል`ኹም ፍረዱ።

# ንምድስካል ምኽንያት ዝኾነ ግሉጽ ደብዳቤታት።

31 ሓምለ 2010

ዝኸበርኩም ኣባላት ፈጻሚ ኣካል ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፤፤

ብመጀመርታ ናይ ቃልስን ጽንዓትን ሰላምታይ ብምቕዳም ኣብ እተሰላሰልዎ ሃገራዊ ዕማም ሙሉእ ጥዕናን ዕዉት ናይ ስራሕ ኣሳልጦን እምነየልኩም፤፤ ቀጺለ ኣብዚ ዝሓለፈ ዕለት 28 ሓምለ 2010 ዓ.ም ብኣቦ መምበር ሰልፍና ኣቶ ወልደኢየሱስ ዓማር ኣብ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ክቐርብ ተባሂሉ ዝተዳለወ ጸብጻብ ኣቦ መምበርን ከምኡ ድማ ጸብጻባት ክፍልታት ሰልፍና ተላኢኹ ምምባሩ ዝዝከር`ዩ፤ ይኹን እምበር ኣብ ዝተላእኸ ጸብጻብ ኣቦ መምበር ንብዙሕ ኣርእስትታት ኣልዕሉ ዝዳህሰሰን ዝተንተነን እካ እንተኾነ ብወገነይ ክዛረበሉ መሪጸ ዘለኹ ግን ኣብቲ ጸብጻቡ፤ ኣብ ሰልፍና እኹል ዝኾነ ግልጹነትን ግሉጽ ኣሰራርሓን ኣሎ ተባሂሉ ዝጠቐሶ መበገሲ ብምግባር ንዓ ድኣ ኣይፋልካን ኢለ ክብድሆን እካ ድኣ ብኣንጻሩ ኣብ ሰልፍና ሚስጥራዊ፤ ጉጅላዊ ነጻልን ዝኾነ ኣሰራርሓ ብምስዕራሩ ዓቢ ብኩራት ግልጹነትን ግሉጽ ኣሰራርሓን ከም ዘሎ ምስናይ ጭብጥታቱ ከቕርብ ኢየ፤፤

ዝኸበርኩም ብጾት፤

ቅድሚ ናብ ቀንዲ ዛዓባይ ምእታወይ ሓጺር መእተዊ ክገብር ክፍትን፤፤ ከምዝዝከር ኣብ ምጽንባራዊ ኮንፈረንስና ንኹሉ ጉዳያት ብዘይ ሓደ ሽግር ድሕሪ ምጽዳቕና ሓደ ካብ ቀንዲ ኣካራኻርን ነዊሕ ግዘ ዝወሰደን ነጥቢ እንተነይሩ ኣብ ዝመጽእ 18 ኣዋርሕ መሰጋገሪ መድረኽ ውሳነታት ፈጻሚ ኣካል ብስምምዕ`ዶ ብድምጺ ብዝሒ ይሕለፉ ኣብ ዝብሉ ገቲሩ ዝሓዘና ክርክር ምምባሩ ተሰኒዱ ዘሎ ኢዩ፤፤ ኣብ መወዳእታ ክኣ ድሕሪ ክንደይ ክትዕ ኣምባሳዶር ኣድሓኖም ገብረማርያም በሉ ድሓን ብሰንኪ እዛ ነጥቢ እዚኣ`ዶ ኣብ ዕጽው ማዕጾ ክንበጽሕ ኮይና ክንማኸር ዕድል ሃቡና ድሕሪ ምባል ኣባላት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ነበር ተማኺሮም ድሕሪ ምምጻእ ሕጂ`ውን ብልሳን ኣምባሳዶር ኣድሓኖም ገብረማርያም በሉ ድሓን ምእማን እካ ኣይክንኣምነኩምን ኢና፤ እንተኾነ ግን ምእንቲ ሓድነት ተቐቢልናዮ ኣለና፤፤ ግን ክኣ ሓደራኹም ኣይንበዳደል ኣይንወጻጻዕ ኢሉ ነይሩ እዚ`ውን ዝተሰነደ ታሪኽ ኢዩ፤፤ ስለዚ ካብ 18 ኣዋርሕ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ ዘይመልእ ጊዜ ካብቲ ዝፈራሕናዮ ከይወጻእና እዚ ኹሉ ሓርጎጽጎጽ፤፤ ይኹን እምበር ብዘወሰድናዮ ተባዕ ውሳነ ግን ኣይንጥዓስን፤ እቲ ምንታይ ቃልሲ ስለዝኾነ፤፤

**ናብ ቀንዲ ዛዓባይ ክምልስ እምባኣር፤ ብጨቡጥ ምዝራብ ስለ ዝቖልል ቃል ብቓሉ ኣቀራርባ ኣቶ ወልደኢየሱስ ዓማር እዚ ዝስዕብ ኢዩ፤**

(- ሰልፋዊ ሓበረታታት/ግሉጽነት፤
ብዘይካ'ቲ ናብ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት እተመሓላለፈ ሓያለይ ሓበረታታት፡ ቤ/ጽ ኣቦ መንበር ናብ መሰጋገሪ ማእከላይ ባይቶ 9 ናይ ሓበረታ መልእኽትታት ኣመሓላሊፉ። እዚ ሓበረታታት'ዚ ከኣ ብክፍሊ ስርርዓዊ ጉዳያት ከም ኣድላይነቱ ተኣሪሙ ናብ መሰረታት ይመሓላለፍ ነይሩ። ስለ'ዚ ኣብ ሰልፊ ኣኻሊ ግሉጽነት ኣሎ ክንብል ንኽእል።)

**ዘገርም ኢዩ፤፤ ኣቶ ወልደኢየሱስ ዓማር ኣብ ሰልፍና እኹል ግሉጽነት ኣሎ ይብለና ኣሎ፤፤ በሉስከ ድሓን ኣብ መሰረታትናን ካድራትናንስ ይትረፍ ኣብ መንጎ ፈጸምቲ ኣካል ውን ዘሎ ብኩራት ግሉጽነት መታን ብንጹር ክትርድኡ ነዛ ትሒታ ቀሪባ ዘላ ብዕለት 25 ሰነ 2010 (ክእረም ዝግብኦ ግጉይ ሓበረታ) ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብኣይ ዝተዳለወት ተዓዘቡ፤፤ ንሳ ብመንገድኻ ናብ ፈጸምቲ ኣካላት ክተብጻሓለይ ኢለ ዝልኣኽክሉ ኮይና ዛጊት ናብ ዝኾነ ኣባል ፈጻሚ ኣካል ከይተላእኸት ተሪፉ ዘላ ኢያ፤፤ በሉስከ እዚ ድዩ ግሉጽነት?፤፤**

**እታ ዝተላእኸት`ሞ ተሓቢኣ ዝተረፈት ጽሕፍቲ ምስ መሰነይትኣ እዛ ትዕስብ ኢያ፤፤**

**ዝኸበርካ ኣቶ ወልደኢየሱስ ዓማር፤፤**

**ኣቐዲመ ናይ ቃልስን ጽን ዓትን ሰላምታይ እብጻሕካ፤፤ ቀጺለ ሙሉእ ጥዕናን ዕዉት ናይ ስራሕ ኣሳልጦን እናተመነኹ፤ ብ ዕለት 22-06-2010 ናብ መሰጋገሪ ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፤ ብዝብል ንውጽኢት ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ሰልፍና ኢልካ ዝልኣኽካዮ በጺሑኒ፤እንተኾነ ኣብ ኣቀራርብኡ ብዙሕ ዘይቅቡል ነጥብታት ስለዘለዎ ተቓውሞይን ምሕጽንታይን በዚ ኣብ ጥብቆ ሰፊሩ ዘሎ ኣቢለ ናብ ዝምልከቶ ፈጻሚ ኣካል ሰልፍና ኣቕርብ ኣለኹ`ሞ ብመንገድኻ ክብበጽሓለይእላበውካ፤፤**

**ሓይልና ንምሽቱ`ዩ!
ኢሳያስ ኣስፍሃ;;**

ናብ ዝኸበርኩም ፈጻሚ ኣካል ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ።
ኣቐዲመ ኣብ እተሰላሰልዎ ሃገራዊ ዕማም ሙሉእ ጥዕናን ዕዉት ናይ ስራሕ ኣሳልጦን እናተመነኹ ነዚ ቀጺሉ ዝስዕብ መልእኽቲ ከመሓላልፍ እፈትዉ።

ብመሰረት ኣብ ዕለት 22 ሰነ 2010 ዓ.ም ብኣቦ መምበር ሰልፍና ኣቶ ወልደኢየሱስ ዓማር ብመልእኽቲ ኣ/መ ቍጽሪ 8 ርእሰ-ነገር፡ ጉዳይ ምስንዳእ ሃገራዊ ዋዕላ: ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ተዳልዩ ናብ መሰጋገሪ ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ: ተባሂሉ ዝተላእከ ዘዋሪ ጽሑፍ ምርኩስ ብምግባር: ኣብ ኣቀራርብኡ ዘለኒ ትዕዝብትን ተቓውሞን ኣቕርብ;; ከም ውጺኢቱ ክኣ ዝግባእ ምስትኽኻል ተገይሩሉ: እቲ ኣቐዲሙ ዝተዘርገሐ ተሳሒቡ እቲ ቅኑዕ ሓበሬታ ክልኣኽ ኣጥቢቐ እምሕጸን።
ኣብቲ ዝተላእከ ዘዋሪ ጽሑፍ: ንጉዳይ ኣወሳስና ዛዕባ ሃገራዊ ዋዕላ ብፈጻሚ ኣካል ሰልፊ ኣመልኪቱ ኣቦ መምበር ዘቕረቦ እዚ ብሰማያዊ ሕብሪ ቀሪቡ ዘሎ ኮይኑ። ንሱ ይብል፡-

(ካብ ሓያለይ ኣዋርሕ ጀሚሩ፡ ኣብ ፈጻሚ ኣካል ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ክልተ ርእይቶታት ነይሮም።) ኢሉ ድሕሪ ምጅማሩ ቀጺሉ:-
<u>- ( ዕቱብ ምድላዋትን ቅኑዕ ኣሰታትፋ ህዝቢን ዘይብሉ እሞ ኣዓዋቲ ኣብ ዘይኮነ ዋዕላ ሰልፍና ኣይሳተፍን ዝብል ናይ ብዙሓት ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለን፤</u>

<u>- ሕጽረታት ናይ ምድላው ብዘየገድስ፡ ኣብ ዋዕላ ክንሳተፍ ኣሎና ዝብል ናይ ዝዋሓዱ ርእይቶን ኔሩ።)</u> ክብል ገሊጽዎ።

እንተኾነ ግን ናይዚ ዳሕረዋይ ብኣባሃህልኡ ናይ ውሑዳት ኢሉ ዝሰየሞ: መርገጺን ሪኢቶን ከምቲ ንሱ ዝጠቐሶ ዘይኮነ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።
<u>( ኣብዚ ዝዳሎ ዘሎ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ምስንዳኡን ምድላዉን ጉድለታት እኳ እንተሃለዎ፤ እሞ ኸኣ ኣብ ኣቃውማ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉድለት ከምዝገበሩ እውን ስለ ዝተኣመኑን፤ ንዝገብርዎ ጉድለት ኣመዝጊብና ኣብቲ ዋዕላ ኣቲና ንኻልኡት ከሲብና ናብ ረብሓና ንቐይሮ ኢዩ ዝተባህለ። )</u>
ድሒሩ ኣቦ መምበር ንናይ ዕለት 21/06/2010 ዓ.ም ኣኼባ እውን እንተኾነ ብኸምዚ ዝስዕብ ኢዩ ክገልጾ ፈቲኑ።
(ኣብ ናይ ዕለት 21/06/2010 ኣኼባ እውን እዞም ክልተ ርእይቶታት ቀጺሎም።
<u>እቲ ናይ ብዙሓት ሸነኽ፡ ልኡኽና ነቲ ውሳኔ ሰልፍና ከቐይሮ ዝኽእል ኩነታት ስለዘየምጽኤ፡ ውሳኔና ኣብ ቦትኡ ኣሎ።)</u> ኢሉ ድሕሪ ምቕራብ ቀጺሉ:-

( እቲ ናይ ውሑዳት ርእይቶ ከኣ፡ ኢትዮጵያውያን ኣቕሪቦሞ ዘለዉ፡ ክልተ ዋዕላታት ናይ ምግባር እማመ ሓዲሽ ርእይቶ ኢዩ። ስለዚ ኣብዚ ዋዕላዚ ክንሳተፍ ኣሎና ዝብል ነይሩ።) ክብል ገሊጽዎ።

ኣብዚ እውን እንተኾነ ከምዚ ኣቦ መምበር ዝበሎ ኣበሃህላን መንፈስን ዘይኮነ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ ዝነበረ። ንሱ ኸኣ:-

ኢትዮጵያውያን ፈተውቲ ነቶም 10 ውድባት ዘርብሕ እንተዘይኮይኑ ሓድሽ ነገር ኣየምጽኡን እናተባህለ በቶም ብዙሓት ዝበሎም ይዝረብ ስለ ዝነበረ፡ በቶም ውሑዳት ዝተባህለ ከኣ:-
(ኣይፋልኩምን: እኳ ድኣ ኢትዮጵያውያን ፈተውቲ ከምዚ ኣብ ጸብጻብ ቀሪቡ ዘሎን ፍታሕ ኢሎም ዘምጽእዎን ክልተ ዋዕላ ግበሩ ኢዩ። እዚ ናይ ሓምለ ከምቲ ኣብ ጸብጻብ ቀሪቡ ዘሎ ኣጽብብ ኣቢልኩም ግበርዎ። ድሓር ከኣ እቲ ንኹሉ ዘሳትፍ እትብልዎ ዘለኹም ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ምስንዳኡ ጀሚሩ ብሓባር ትገብርዎ ኢዮም ዝብሉ ዘለዉ። ስለዚ እዚ እማመ ናይ ፈተውትና ኢትዮጵያውያን ሓድሽን ዓራቕን ኢዩ እሞ እዚ ዕድል እዚ ተጠቂምና ኣብ ውሽጡ ኣቲና ንዋሳእ። ኢዩ ዝተባህለ።)
ስለዚ ኣብ መደምደምታ ደጊመ ክብሎ ዝደሊ: እቲ ዝነበረ ዘተን ፍልልዩን ከምቲ ዝነበሮ ኣበሃህሉኡን መንፈሱን ገይርካ ድኣ ክቐርብ እግባእ እምበር ከከም ዝጥዕመካ ንሪኢቶኻ ብዘድምቕ ኣገባብ ገይርካ ከተቕርቦ ምፍታን ቅንዕና ዝጎደሎ ኣብ ርእሲ ምኻኑ ዘተዓዛዝብ እውን`ዩ። ስለዚ ሕጂ እውን ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝበልክዎ እቲ ዝነበረ ውዕሎታት ከም ብሓድሽ ተስተኻኺሉ እቲ ቅኑዕ ሓበሬታ ክመሓላለፍ ኣጥቢቐ እምሕጸን።

ሓይልና ንምሽቱ`ዩ!

ኢሳያስ ኣስፍሃ

25 ሰነ 2010።

ኦሮማይ! ድሓን ኩኒ ግሉጽነት።

እቲ ዘገርም ትዕዝብተይን ተቓውሞይን ናብ ፈጻሚ ኣካል ክንሱ፤ ኣቶ ወልደኢየሱስ ዓማር ግን ኣብ በይኑ ሓዚኡን ሓቢኡን ብምድባቕ ብኣቃራጭ በዘን እትርእይወን ቃላት ጌሩ`ዩ መሊሱለይ።

Dear IA,

It is sad that you are addressing this message in this manner. I am sure there is no misleading information in my short update.

WA

***መደምደምታ***

**ኣብ ሕቶ ብኩራት ግልጹነት ኮነ ተካይድዎ ዘለኹም ጉጅላውን ነጻልን ኣትሓሕዛ ዘለኒ ርእይቶ ብምቕራብ ክዛዝም ኢየ፤፤**

*** ብግስ ከይበልኩም ኣገባብ ኣካይዳኹም ጉጅላውን ግሉጽነት ዝጎደሎን ሙኻኑ ድሮ ተገሊጺ ኣሎ። ብኸምዚ ክኣ ኩቶ ሰልፊ ክትሰርሕ ዘይክኣል ኢዩ።**

*** እቲ ዘገርም ክሳብ ክንደይ ንዕቐትን ካብኡ ኣይሕለፉን ክኣ ንኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ኪዳን ንኣቦ መምበርን ንኣምባሳዶር ኣድሓኖም ዝውክሉ ተባሂሎም ዝተሓረዩ ነዊሕ እዋን ኣብ ማእከላይ ባይቶ ኪዳን ኮይኖም ዝሰርሖ ምኩራት ብጾት ሓጅ ዓብደልኑርን መኮንን ሃይለ እናሃለዉ ሓንቲ ኣፍልጠን ተመክሮን ኪዳን ዘይብሉ ኣማኑኤል ሃብተ ኣበሉ እናተኸፍለ ውቅያኖስ ሰጊሩ ክመጽእ ዝተገብረ እቲ እምነት ስለዝተሳእነ ዶ ኾን'ዩ? እዚ ጉጅላዊ ኣከያይዳኹም ከ ኣበይ ኢዩ ከብጽሕ?፤፤**

*** ንኪዳን ብመትከል ከነሀብትሞን ከነሐይሎን ተሰማሚዕና ከነብቅዕ ይኹን'ምበር ሒዝናዮ ዘለና ኣገባብ ክልተ ነንሓድሕዱ ዘይራኸብ ኢዩ። ስለዚ እቲ ሒዝኩሞ ዘለኹም ኣገባብ ንኪዳን ዘፍርስን ዘዳኽምን ጸረ ኣብ ውሳነታትና ዘቐመጥናዮም መትከላት'ዩ። ስለዝኾነ ክኣ ካብቲ ዝፈራሕናዮ'ውን ኣይወጻእናን። እንተ እቲ ደጊምስ ኣብ ውሽጥና ኣእቲናዮም ኢና'ሞ ኣበይ ከይበጽሑ ዝብል ስሚዒት እንተኾይኑ ግን ዘይሰርሕ ድኹም ኣተሓሳስባን መንፈስን'ዩ።**

*** ብእምነትና ናይ ሓባር ሓያል ሰልፊ ክንሰርሕ እንተኼንና ካብ ጉጅላዊ ኣሰራርሓ ወጺእካ ንርእይቶ ውሑዳት ብምኽባርን ብምእንጋድን፡ ኪንኡ ድማ ኣብ ኣባላትን ህዝብን ወሪድካ ብግሉጽ ክትሕብር ምስ እትኽእል'ዩ። ካብኡ ሓሊፉ እንተ'ቲ ብጉልባብ ደሞክራሲያዊ ማእከልነት እናበልካ ነቲ ጉጅላውን ነጻልን ኣሰራራሓኹም መህጠሪ ክትጥቀምሉ እንተድኣ ኳንኩም ግን ቅድሚ ሕጂ ተፈቲኑ ዝፈሸለን ዝበርዓነን ስልቲ ኢዩ'ሞ ኣይትድከሙ።**

**ሓይልና ንምሸቱ`ዩ!**
**ኢሳያስ ኣስፍሃ;;**